# መሰል

ንባዕልና ደለይቱ ክንስና
ብስም መሰል፡ ሰላምን ፍትሒን ክኸሱና
ተኸሰስቲ ክንሶም ከሰስቲ ፈራዶ
ብመሰል ወዲ ኣዳም ዝሸቕጡ ነጋዶ

ንመሰል፡ ንሰላም ፡ንፍትሒ ደኣ
ንሕና እንዲና ንጭርሕ
ኣብነት ኮንና መንገዲ ሰላም ንመርሕ

ከም ሽምዓ መኺኾም ዝተሰትዩ ኣብ ሰልሚ
ምእንቲ መሰል እንዲዮም ሓሊፎም
ኤርትርውያን ዓሚ
ንስለ መሰልና ሕሰም ገድሊ መሪጽና
ብዋጋ ህይወትና መስዋእቲ ዝኸፈልና

ሰጊርናዮ እንዲና ዘይስገር መስገደል
ምረት ገድሊ ቀሚስና ከነናዲ ንመሰል
ምስ ገሃስዎ ንሳቶም ክብርና
ደምና ከነፍስስ እንዲና ተገዲድና

ንመሰልና ኣብ ዕዳጋ ምስ ኣውረድዎ
ንረብሓኦም ክብሉ ክሳድና ምስጓዕጸጽዎ
ተተባራርዮም ንመሰልና ምስተጋሰስዎ
ጅግና ኤርትራዊ ህይወት ከፊሉ ዶ
ኣይኮነን ናጽነት ኣምጺእዎ

መሰል ወዲ ኣዳም ከም ግራት እናተማስሑ
ብመሰል  ኣህዛብ ሃብቲ እንዳጨርሑ
ልዕሊ መሰል እንዳሰርዑ ረብሓኦም
ንመሰል ወዲ ኣዳም የሽርፍዎ ድርብ ለለኪያም

ሰብኣዊ ክብርና ክውንኑ ኣመና ቢሂጎሞ
ንህዝቢ ኤርትራ ደጋጊሞም ጠሊሞሞ
ለካ መሰል መሰል ዝብሉናስ ረብሓ ዩ ምስጢሩ
ጸጋታት ኤርትራና መታን ክቖጻጸሩ

ቀቢሮሞ መሰልና ገኒዞም ብሓሶት
ከርተት ከምዘየበሉና ኣማኢት ዓመታት
ልዕሌና ኮይኖም ሕጂ ናይ ህዝብና ተሓለቕቲ
ረሲዖሞ ምኺኖም ናይ ቃንዛና ተሓተትቲ

እንዳፈለጡ !

ሕላገት ታሪኽና መሰል ምኺኑ
መሰልና ረጊጾም ሪምና ክውንኑ
መሰል ኣፍ ኣውጺኡ እንተትዛረብ
እንተትግንጸል ናይ'ዛ ዓለም መዝገብ

ኣብ ደብተር ታርኽ ዘሎ ዘነውር ኣበር
ኩሉ ክፍኣቶም በብሓደ እንተትዝርዘር
ብግህሰት መሰል ወዲ ኣዳም
ተሰለምቲ ንሻን ምኾኑ ነይሮም ባዕላቶም

ኣርእስቲ እንዳሓረዩ ብቐጻሊ ክኸሱና
መታን ከይንኽእል ርእስና ባዕልና
ሃብትና ኣብ ቆፎኦም መታን ክሕብእ
ንሕና ለማኖ ክንኮነሎም ክንጉምባሕ

መን መሰል ሂብዎም መሰል ሰብ ክግህሱ
ንሰላም ዘሪጎም ዕግርግር ከንግሱ
ርግቢት ሰላም ሓቚፎም ቶኺሉ ዝሰዱ
ንሰብ እንዳገዝኡ ኣስዲያም ብኸብዱ

ስሱዕ ሰብ  ከምዝጠልም ከምዝኽድዕ
ንኸብዱ ክብል ዓዱ ከምዝርስዕ
ካብ ዓንቶቦ ፈሊጦሞ 'ዮም ምስጢሩ
ሎሚ ውን ከዳዕ ኣይተሰእነን ዝጠልም ሃገሩ
እምባኡ ዘፍርስ ምስኣቶም ተመሻጢሩ

እንተ ንሕና !

ኣብ መትከልና ክንጸንዕ ክብርና ጌርናዮ
ንመሰል ክንስዋእ ከም ዕላማ መሪጽናዮ
ንማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ማእከል ኣንጊስና
ክንግስግስ ኢና
ንሕድሪ ሰማእታት ዝለዓለ ክብሪ ሂብና

ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ

© )MA( ብሙሴ ኣብርሃ 31 ሓምለ 2015